# ሰብ ዝገበሮ ምድሪ ነገሮ

## *ዋዛ ምስ ቁምነገር*

ብዙሕ ከንምሃረሉ ዚክኣል፡ ናይ ኣቦታት ቁም ነገር ሓዘል ጽውጽዋያትን ምሳሌታትን፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ዝነበረን፡ ገና'ውን ዝንገር ዘሎ፡ ሕጂ'ውን ብዙሕ እትቕስመሉ ትምህርቲ ዝርከቦ እዩ። ሓደ ካብዚ ብዛዕባ ሓደ ኣዝዮም ለባም፡ ብልቦንኦም ድማ ምስጉን ዝነበሩ፡ ብዓል ብዙሕ ሞያ ራእሲ ዝሃብዎ ፍርድን ብይንን እንሆ።

ከምዚ ሎሚ ኸይኰነ፡ በቲ ቐደም እዋናት እቲ ርኹብ ብጥንቃቐ ብእተሰለመት በቕሊ፣ እቲ ሓፋሽ ወይ ድማ ዓኺይ ከኣ ብእግሩ እዩ ዚጐዓዝ ዝነበረ ይብሃል እሞ፡ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ክልተ ሰባት ንሓደ ንበይኑ ዚገይሽ ዝነበረ ሰብኣይ፡ ክከታተልዎ ድሕሪ ምጽንሖም፡ ኣብ ጽምው ዝበለ ቦታ ምስ በጽሐ ከተርዎ። ንእኡ ቐጥቂጦም፡ ዝነበሮ ገንዘብ ዘሚቶም ድማ ኣብቲ ጸምጸም በረኻ ገዲፎሞ ኸዱ። ንዝገበርናዮ ዝረኣየናን ዝፈለጠናን ሰብ የልቦን ብዝብል ሕልና ድማ፡ ኣይግዳዶም ኣብ ከተማ ሸናዕ እናበሉ ኸለዉ፡ ወዮ ኸቲሮም ኣብ ልዕሊኡ ድማ ዓቢ ዓመጻ ዝፈጸሙ ሰብኣይ ረኣዮም። ተማሕጺኑ (ዝባን መንግስቲ ኢሉ) ድማ ኣብ መጋብኣያ ራእሲ ኣቕሞም።

"ጐይታይ! እዝጊ የርእዮም ክርስቶስ የምልክቶም! እዞም ክልተ ሰባት እዚኣቶም፡ ተጸናትዮም፡ ምድሪ ኣጸምዮም፡ ሰብ ድማ ከው ኣቢሎም፡ ኣብ በረኻ ንኣይን ቐጥቂጦም ገንዘበይ ድማ ዘሚቶም ገዲፎምኒ ኸይዶም።" ኢሉ ጥርዓኑ ኣቕረበ። እቶም ራእሲ ድማ ነዚ ሰሚዖም፡ ነቶም ኣብ ቅድሚኦም ቆይሞም ዝነበሩ ክሱሳት፡ "እቲ ዝኸሰኩምን ዝበሎን ሰሞዕኩምዎ ኣለኹም። ምላሽ ሃቡ። ትኣምኑዶ ትኸሕዱ?" በልዎም። ንሳቶም ድማ ተቐቢሎም፡ "ጐይታይ፡ ኣልዕል ኣቢሉ ኬኽፍኣናን ኬጸልመናን ደኣ ደልዩ እምበር ንሕናስ፡ ሞት ይኹነና፡ እዚ ዝብሎ ዘሎ ዓመጻ ዘይወዓልናዮ ተግባር እዩ፡" በሉ።

ሽዑ እቶም ራእሲ ምልስ ኢሎም፡ ነቲ ኸሳሲ፡ "ትሰምዕዶ ኣሎኻ? ሞት ይኹነና፡ እዚ ዝበልካዮ 'ዘይወዓልናዮ ተግባር እዩ፡' ይብሉ ኣለዉ እሞ፡ ትረትዖምዶ? ምስክርዶ ኣሎካ?" ኢሎም ሓተትዎ።

እቲ ኸሳሲ ድማ ተመሊሱ፡ "ጐይታይ፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ፡ 'ተጸናትዮም፡ ምድሪ ኣጸምዮም፡ ሰብ ድማ ከው ኣቢሎም፡' ኣብ ጸምጸም በረኻ ዝሃሰዩንን ዝዘመቱንን፡ እዝጊ እንተ ዘይኰይኑ ኣነ ዝፈልጦ ካልእ፡ ዝሰምዐን ዝረኣየን ምስክር ኣይነበረን። ግና፡ ጐይታይ፡ በቲ እዝጊ ዝሃቦም ጥበብ፡ ነቲ ዝገጠመኒ ግፍዕን ዓመጻን ፍትሒ ኣውጺኦም ገንዘበይ ከምልሱለይ እዝጊ ኼብርሃሎም እንተ ዘይኰይኑ ንመርትዕ ዚኸውን ምስክር የብለይን፡" በሎም።

ብሓሳባት ዚተዋሕጡ ኺመስሉ፡ ንሓጺር እዋን ዝን ድሕሪ ምባሎም፡ እቶም ራእሲ፡ ነቶም ክሱሳት ቀው ኢሎም እናጠመቱ ከምዚ በሉ። "ምስክር ኣይሰኣንን እዩ። ሕጂ ድማ፡ ክልቴኹም፡ እቲ ኸሳስን ሓደ ድማ ካባኹም ተኸሰስትን፡ ምስ እዞም ሰለስተ ሽማግሌታት እዚኣቶም ኣብታ እቲ ኸሳሲ ዝተኸትረላን ዝተዓመጸላን ቦታ ኽትከዱ ንቕሉ። ኣብኡ ምስ በጻሕኩም ድማ፡ ንስኻ ኣታ ኸሳሲ፡ ነታ እተዓመጽካላ ቦታ፡ 'ኣቲ ምድሪ፡ **ትፈልጥለይ!** እዞም ክልተ ሰባት እዚኣቶም፡ ንዓይ ቀጥቂጦም ንገንዘበይ ገፊፎም ከም ዝገደፉኒ ትፈልጥለይ፡ ኢልካ ኣመስክር።

እቶም ተኸሰስቲ ድማ ብግዲኦም ነታ ንስኻ ንምስክር ዝረቛሕካያ ምድሪ፡ ኣይትፈልጥልናን! ንሕና እዚ ዝብሎ ዘሎ ከም ዝወዓልናዮ፡ ከም ዝቐጥቀጥናዮን ዝዘመትናዮን **ኣይትፈልጥልናን!** ይበሉዋ በሉዎም። ኣብኡ በጺሕኩም ክሳዕ እትምለሱ ኸኣ እዚ ኽልኣይ ተኸሳሲ ኣብዚ ይጽናሕ፡" ኢሎም ነቶም ዝኸዱ ኣፋነዉዎም።

እቶም ዝኸዱ ከይዶም፡ ገለ እዋን ምስ ሓለፈ ድማ፡ እቶም ራእሲ፡ ኣዘንግዕ ኣቢሎም፡ ነቲ ኣብኡ ተሪፉ ዝነበረ ካልኣይ ተኸሳሲ፡ “ኣብቲ ቦታ በጺሖም ይኾኑዶ ይመስለካ?” ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ድማ፡ ተገሪሁ ግዲ ጸኒሑ፡ “ኣይፋልን! ኣበይ ክበጽሑ! ኣይ ርሑቕ እንድዩ፡” ኺብል መለሰሎም። እንታይ ከም ዝበለ’ውን ዝተረድአ ኣይመስልን፡ ምኽንያቱ ኣይሰንበደን።

በዚ እቶም ራእሲ ብኡ-ብኡ ነቶም ዝኸዱ ሰባት ኺምለሱ ለኣኹሎም። ምስ ተመልሱ፡ ነቲ ኸይዱ ዝነበረ ኽሱስ እቲ ብጻዩ ዝበሎ ነጊሮም እንታይ ከም ዝብል ሓተትዎ። ዝገብሮ ጠፊእዎ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰብኣይ ዓቢ ገበን ከም ዝፈጸሙ፡ ሕማቕ ምዓልቲ ድማ ኸም ዝወዓሉ ተኣመነ። ናብቲ ኣብኡ ተሪፉ ዝነበረ ተምሊሶም ድማ፡ ንስኻኸ እንታይ ትብል በልዎ። ኣብቲ ልዕሊ ምሽቑራሩ፡ ብፍርሀን ሕፍረትን ተዋሒጡ፡ እናንቀጥቀጠ፡ ንሱው’ን፡ “ኣብ ዝብጻሕ የልቦን፡ ደጊም፡ ኣበይ ክንኣቱ? ዝወዓልናዮ ገበን እዩ፡” ኢሉ ተኣመነ፡ ይብሃል።

እታ ደም ኣቤል ዝሰተየት ምድሪ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ብሓቂ ዝፈርድ፡ ረዳእ ግፉዓት ዳኛ ተጸዊዓ ብቑዕ ምስክር ሃበት ይብሃል።

## ሓበሬታ

ካብቲ ናይ መበል 25 ዓመታዊ ኣኼባ፡ ሰሓቕን ጸወታን፡ ኣምልኾን ምስክርን ዘለዋ፡ ናይ ክልተ ሰዓት ዲቪዲ ተሰናድአ ኣላ። ንግዚኡ ቁጽሪ ናይ እተን ዲቪዲ ውሱን እዩ እሞ፡ እቶም ግዱሳት ቅልጥፍ ኢልኩም ንኽትእዝዙ ነዘኻኽረኩም። ናይ 5 ደቒቕ መርኣዩ ኣብ ዩቱብ በዚ ዝስዕብ URL ክትርእይዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣዳላዊ ዲቪዲ:**
Ashebir Seyoum- Elim & Hermon Video Production

## እቲ ነጥቢ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .

እቲ ንድኹምን ድኻን ዚገፍዕ፡ ኢዱ ከይረኸበ ብፍጹም ኣይተርፍን። እቲ ድኹምን ድኻን ድማ ፍትሒ ኸይወጸሉ ከቶ ኣይተርፍን። ግፍዒ ንገፋዒ ፍርዲ፡ ንተገፋዒ ድማ ስቓይ ዜውርድ እዩ እሞ፡ ስጋውን መንፈሳውን ሳዕቤኑ ንወድ ሰብ ግናይ እዩ።




**Be a SPONSOR for “Besserat” to reach those yet to be reached.**

| | |
|---|---|
| - 5 magazines | $ 65.00 a year. |
| - 10 magazines is | $ 120.00 a year. |
| - 15 magazines is | $ 175.00 a year. |

You may also subscribe as a gift for the ones you care. Be a part of the ministry . . . You will be glad you did.

**REMINDER**:
Have you sent in your annual subscription? If you did not it is not too late to do so (don't mail cash, make cheques payable to BES. Mailing address is 142 King Avenue, Columbus, OH 43201)